## Tigrinya/ትግርኛ

**<u>መዘኻኸሪ ናይ ግረንፈል፡- ክሳብ ሕጂ ዝዓመምናዮ ጉዕዞ (ጉንበት 2022)</u>**

*ንሕና፡ ነዚ ሓጺር ጸብጻባዊ መግለጺ ናብ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ክትርጎም ኣዳሊናዮ ኣለና። ንሙሉእ ትሕዝቶ ናይዚ ጸብጻብ ድማ ኣብዚ ዝስዕብ ነቝጣ መርበብ ሓበሬታ ክትርእይዎ (ከምኡውን ክትርጉሙዎ) ትኽእሉ ኢኹም፡-* [www.grenfelltowermemorial.co.uk/report](www.grenfelltowermemorial.co.uk/report)




ነዚ ጸብጻብ እዚ ኣብ ሕትመት ከም ዝበጽሕ ምግባርና ነቲ ናይ ግረንፈል ታወር መዘኻኸሪ ኮሚሽን ከምኡውን ኩሎም እንውክሎም ኣካላት ናብ ብቑዕ መዘኻኻሪ ከነብጽሖ ዝዓለመ እዩ። ‘መዘኻኸሪ ናይ ግረፈል፡- እቲ ክሳብ ሕጂ ዝተጓዓዝናዮ’ ኣበይ ከምዝነበርና፡ ኣብዚ እዋን እዚ ድማ ኣብ ከመይ ኩነታት ከም እንርከብ፡ ናበይ ገጽና ንጓዓዝ ከምዘለናን ንኸነርእየኩም ዕድል ይፈጥረልና።

እቶም እንወስዶም ሓላፍነታት ድማ [ከም ወከልቲ ናይ ማሕበረሰብ](ከም ወከልቲ ናይ ማሕበረሰብ) ብዘገርም ኣገባብ ብዕቱብ ብምሓዝ ከምኡውን ነዞም ሓላፍነታት እዚኦም ብእንኽእሎ ዘበለ ኣገባብ ክንፍጽሞም ንደሊ። እቲ መዘኻኸሪ ንኹልና ብዝተፈላለየ መንገዲ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ንስኹም ከም ኣቐዲምኩም ኣብ ታወር ወይ ግረንፈል ዎክ ዝነበርኩም ነባሪ ኣባል፡ ወይ ከም መጉዳእቲ ዝወረዶ ኣባል ቤተሰብ፡ ወይ ተራ ተቐማጢ (ዋላውን ኣብ ውሽጢ እቲ ናይ ላንካስተር ዌስት እስተይት ወይ ካልእ ኣብቲ ከባቢኡ ዝርከብ ክፍለ ከተማ ወይ ጎደና)፡ እቲ ዝግበር ናይ መዘኻኸሪ ኣኼባ ብዘይ ተሳትፎኹም ኣይከውንን እዩ።

ብተወሳኺ ከምቲ ብዛዕባ ጉዑዞና እንገልጾን ከምኡውን ብኸመይ ኣገባብ ናብዚ ፍሉይ ዝኾነ ነጥቢ ከምዝበጻሕናን፡ ኣብዚ ጸብጻብ እዚ እቶም ካባኹም ክሳብ ሕጂ ዝረኸብናዮን ዝሰማዕናዮን ዝተፈለለዩ መንገድታት፡ ክንደይ ዝኣኽሉ ሰባት ከም ዘዛራረብናን እንታይ ከምዝሰማዕናን – ኣዝዩ ብዙሕ ኮይኑ፡ ኣውራ ድማ ንሙሉእ ዝርዝር ትሕዝቶ ናይ ጸብጻብና ኣብ ነቝጣ መርበብ ሓበሬታና ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ብተወሳኺውን ብዛዕባ እቶም ንድሕሪት ዝጓተቱና ዓበይቲ ብድሆታት ውን ተዘራሪብና ኣለና። እቲ ዝቐርብ መዘኻኸሪ ነቶም ክሳብ ሕጂ ሰሚዕናዮም ዘለና ዝተፈላለዩ ሓሳባት ከአንግድ ኣይክእልን ይኸውን፡ ንኣብነት ዝተፈላለዩ ኣማራጺታት ንዘለዎም ብኸመይ ኣገባብ ብኽብረት ንምልሰሎም ዝጠቓልል እዩ። ካብ ብቑጽሪ

ዝኣኸሉና ሰባት ሓበሬታ ከም ዝኣከብናን ከምኡውን ናብቲ ዝቕጽል ደረጃ ምዕባለ ናይ መዘኻኸሪ ንምሕላፍ ግዜኡ ምዃኑ ብኸመይ ኣገባብ ንፈልጥ፧

ብዛዕባ እንታይ ከምዝመጽእን ኣብ ዝቕጽል ድማ እንታይ ክንገብር ከምዝግበኣናን ንዘራረብ ኢና። ክሳብ ሕጂ ብዙሕ ጉዕዞ ተጓዒዝና ኣለና፡ ብተወሳኺ ንመጻኢውን ክንጓዓዞ ዝግበኣና ኣሎ። እዚ ጸብጻብ እዚ ከም ሓደ ኣብ ካርታ ዝሰፈረ ነብጢ ክኸውን ተስፋ እናገበርና፡ ሕጂ ኣበይ ከምዝበጻሕና ከምኡውን ካብ መስከረም 2019 ጀሚርና ብሓባር ከም መዘኻኸሪ ኮሚሽን እንታይ ከምዝገበርናን፡ ከምዝረኣናን ከምኡውን ከምዝሰማዕናን ከንርኢ ዝሕግዘና እዩ። ነቲ ዝተጓዓዝናዮ ምሉእ ጉዕዞ ኣብዚ ብስሩዕ ዝዝርጋሕ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታና ክትርእይዎ ትኽእሉ፦ www.grenfelltowermemorial.co.uk/our-journey

ተወሳኺ ቅድሚ ምንባብኩም ድማ መዘኻኸሪ ሓዙ። ዝበዝሕ ግዜ ነቶም ኣብ 14 ሰነ 2017 ኣዝዩ ከቢድን ዘይዕረን መጉዳእቲ ዝወረዶም ዝተፈለለዩ 'ጉጅለታት' ሰባት ዝገጠሞም ጸገም ኣጻሪኻ ብዛዕብኦም ክትገልጽ ከቢድ ይኸውን። ቃላት ከምኡውን 'መግለጺታት' መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ ዘጋጠሞም ውልቃዊ ተመኩሮ ናይ ኣሰቃቒ ፍጻሜ ብቡዙሕ መንገዲ ቅኑዕ ፍትሒ ንኸይርከብ ክዕንቅፍዎ ይኽእሉ እዮም። ኣብቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም ውልቀሰባትን ስድራቤታትን፡ ልክዕ ከም ኩሎም ስድራቤታት ከምኡውን ውልቀሰባት ዝተፈላለየ ኮይኑ፡ ሓባራውን ፍሉይ ነናቶም ተሞኩሮን ኣለዎም፡ ከምኡውን እዚ ንምግምጋሙ ጸገም እዩ። ኣብ ውሽጢ እቲ ዝዓበየ ማሕበረሰብ ካልኦት ማሕበረሰባት ውን ኣለዋ። ነዚ ጸብጻብ እዚ ክነቕርብ እንከለና ዝተጠቐምናሉ ቋንቋ፡ ብዝከኣለና መጠን ብዛዕባ መንን እንታይን ንጠቅስ ከምዘለና ፈቲንና ኣለና። ንኣብነት፡ ብፍላይ ነቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም ኣባላት ስድራቤታት ወይ ኣቕዲሞም ኣብ ታወር ተቐማጦ ዝነበሩ እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም፡ ከምኡውን ብዛዕባ እቶም መጉዳእቲ በጺሕዎም እንብሎም ዘለና ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ማሕበረሰባት ንዛረብ ኣለና ማለት እዩ። ብተወሳኺውን 'ግረንፈል' ሓደሓደ ግዜ፡ ከም ሓጺር መግለጺ ናይቲ ዝተፈጸመ ግፍዒ ብናይ ገዛእ ርእሱ ይጥቀም እዩ፡ (ወይ ከም መዘከርታ ናቱ)፡ ብተወሳኺ ብዙሓት ካባና መዓልታዊ ነዚ ቃላት እዚ ንጥቀመሉ ኢና። እቲ እንጥቀመሉ ቋንቋ ከምቲ ነፍሲወከፍ ሰብ ዝመርጾ ከይከውን ይኽእል እዩ፡ እንተኾነግን ብዝከኣለና መጠን ንጹር ንምግባሩ ጽዒርና ኢና።

ነዚ ኣልዒልኩም ከተንቡቡ ምጅማርኩም ነመስግን።

## ብዛዕባና ዝምልከት

ተወከልቲ ናይቲ መዘኻኸሪ ኮሚሽን ኣብርሃም፡ ዓድል፡ ኣንድርያ፡ ሓናን .ሲ፡ ሓናን .ዳብልዩ። ሓሰን፡ ሞሓመድ፡ ነቢል፡ ሳንድራ፡ ከምኡውን ሱዛን እዮም። ኣቕዲምኩም ትፈልጡና ትኾኑ፡ ዘይትፈልጡና ምስ እትኾኑ ግን ሰላም ንብለኩም!

ብዛዕባና ዝምልከት ኣብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታና ገለ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፦ www.grenfelltowermemorial.co.uk. ፍርቂ ካባና ኣባላት ናይቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም ስድራቤታት ኬንና፡ ሰለስተ ካባና ካብቲ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ ዝደሓኑ፡ ክልተ ድማ ኣብ ላንካስተር ዌስት እስተይት ንነዊሕ ዓመታት ዝተቐመጡ እዮም።

ኩላትና ኣብቲ ናይ መዘኻኸሪ ኮሚሽን ከም ወለንታውያን ኣባላት ኬንና ከምኡውን ምስቲ ንቡር ስራሕና ማዕረማዕሪኡ ነዚ ስራሕ እዚ ነወሃህድ። ነፍሲወከፍና ድማ ካብ ስራሕና ዝተፈላለዩ ጥበባት ሒዝና ንመጽእ፡ እዚ ድማ ኣብ ትምህርቲ ኸኸውን ይኽእል፡ ኣብ ስልጠና፡ ንግዲ፡ ማሕበራዊ ክንክን፡ ወይ ኣብ መስጊድ ምስራሕ። ብዙሓት ካባና ድማ ኣብቲ ብግረንፈል ታወር ዝቐርብ ሕቶታት ቀንዲ ተሳተፍቲ ኢና። ከም ብዙሓት ሰባት ድማ፡ ወለንተኛ ምዃን ነቲ ዝሓለፍናዮ ዘሕዝን ኩነታትን ዝሓለፍናዮ ጸገማትን ክንብድሆ ይሕግዘና እዩ።

ንሕና ኣብዚ ናይ መዘኻኸሪ ኮሚሽን ንነፍስና ክንውክል ዘይኮነስ – ንዝተዋህበና ሓላፍነት ነቶም መጉዳእቲ ዝገጠሞም ኣካላት፡ ካብ ባርዕ ሓዊ ዝደሓኑ ከምኡውን በቲ ዘሕዝን ፍጻሜ መንበሪ ኣባይቶም ዝሰኣኑ፡ ወይ ናይ ላንካስተር ዌስት ተቐማጦ ንምውካል ዝተመረጽና ሰባት ኢና። ንኣየናይ ጉጅለ ክንውክል ከም ዝተመረጽና ብዘየገድስ፡ ንነፍሲወከፍ ጉጅለ ንምሕጋዝ *ብሓባር ንሰርሕ* – ከምኡውን ብሓባር ድማ ንተቐማጦ ኖርዝ ከንሲንግቶን (North Kensington) ወኪልና ንሰርሕ። ኣቶኩሮና ድማ ማሕበረሰብ ግረንፈል ኣብ ከባቢኡ

ንነዊሕ መጻኢ ዝዓለመ ኣብ ውሳኔ ምሃብ መሪሕነት ንክረኽቡ ምርግጋጽ እዩ።

<u>**ብዛዕባ ዝሰማዕናዮ ዝምልከት**</u>

ካብ ኩሎም እቶም ዝዘተናሎም ጉዳያት፡ ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ መልእኽቲታት ሰሚዕና ኣለና፡-

- ሰባት ዳርጋ ዝበዝሕ ግዜ ነቲ መዘኻኽሪ ኮሚሽን ዝስምዖ ዝሰማምዑሉ ጉዳይ እዩ
- ካብ ዝኾነ ካልእ ኣከባቢ ዝመጹ ንድፍታት ድማ ካልእ ድርኺታት ክፈጥሩ ይኽእሉ።
- ኣብ ህንጻ ብዙሕ ተገዳስነት ተራእዩ
- ሓባራዊ ኣረኣእያታት ይበጋገስ ኣሎ
- ብፍላይ ርእይቶታት ናይቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም ኣካላት ኣገዳሲ እዩ
- ገለ ፍሉያት ሓሳባት ኣብ ግዜኦም ተደጋጊሞም ይመጽኡ እዮም
- እቲ ማሕበረሰብ ሰፊሕ ናይ ፈጥራዊ ሓሳብ ኣለዎ
- ስረሓት ጀርዲን ከም ኣካል ናይ መዘኻኽሪ ኮሚሽን ጉሉሕ ሓሳብ ኮይኑ ይቐርብ
- ሰባት ኣብ ኩሉ ጉዳያት ኣይሰማምዑን እዮም




ንነፍሲወከፎም እስከ በብሓደ ንርኣዮም፡-

<u>**ሰባት ዳርጋ ዝበዝሕ ግዜ ነቲ መዘኻኽሪ ኮሚሽን ዝስምዖ ዝሰማምዑሉ ጉዳይ እዩ**</u>

ሰባት ብዛዕባ ስምዒት ናይቲ መዘኽኻሪ ኮሚሽን ዘለዎም ርእይቶ ንኽካፍሉና ሓቲትና ኔርና – ኣብዚ ከመይ ክኸውን ከምዝድለ፡ ከምኡውን ኣየኖት ሓሳባትን ስምዒታትን ከተበጋግስ እንታይ ተስፋ ከምዘለዎም ሓቲትና። ምስቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም ኣባላት ስድራቤታት፡ ካብ መጉዳእቲ ዝደሓኑ፡ መንበሪ ኣብይቶም ዝሰኣኑ፡ ናይ ላንካስተር ዌስት ተቐማጦ ከምኡውን ኣባላት ናይቲ ተራ ማሕበረሰብ ከምኡውን ነቲ ዝነበረ መዘኻኽሪ ብኣየኖት ሰለስተ ቃላት ተጠቒሞም ክገልጹ ከምዝደልዩ ሓቲትናዮም።

ሰባት ዝተፈላለዩ ብዙሓት ቃላት ተዛሪቦም (ዳርጋ ልዕሊ 300!)፡ እንተኾነግን ዝተወሰና ቃላት ብቐጻሊ ተደጋጊመን ተገሊጻን፡ ከምኡከኣ ሰባት ዝበዝሕ ግዜ ተመሳሳሊ ዝኾነ ነገራት ብቑሩብ ፍልይ ዝበለ መንገዲ ተዛሪቦም።

ነዚ ጉዳይ እዚ ትርጉም ከምዝህልዎ ንምግባር፡ ነቶም ዝተፈላለዩ ቃላት ከምቲ ዕላምኦም ኣዋሃሂድናዮም ኣለና። ሰለስተ ርብዒ ናይ ኩሎም እቶም ቃላት ምስ ኣርባዕተ ሓፈሻዊ ዕላማታት ዝሰማምዑ እዮም፡- ሰላማዊ ከምኡውን ገላጺ፡ ኣኽባሪ ከምኡውን መዘከርታ ዝኸውን፡ ትስፉውን ኣወንታውን፡ ማሕበረሰብን ፍቕርን።

ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ቃላት መመሊሶም በብግዚኡ በቶም መጉዳእቲ ዝወረዶም ስድራቤታት፡ ዝደሓኑ፡ ከምኡውን መንበሪ ኣባይቶም ዝሰኣኑ፡ ናይ ላንካስተር ዌስት ተቐማጦ ከምኡውን በቶም ተራ ነበርቲ ናይቲ ማሕበረሰብ ይግለጹ ኔሮም። ኣብ ሞንጎ ናይዚ ጉጅለ ሰባት ኣዝዩ ዉሑድ ፍልልይ ናይ ኣበሃህላ ጥራይ ኔሩ። ንኣብነት፡ እቶም ካብቲ ተራ ማሕበረሰብ ዝኾኑ ሰባት ኣብ ከም ‘ተስፋን ኣወንታዊ ኣተሓሳስባን’ ዝብሉ ቃላት ጸቒጦም ክዛረቡ እንከለዉ፡ ኣብቶም መጉዳእቲ ዝገጠሞም ስድራቤታት ድማ ከም ‘ምክብባርን ተዘክሮታትን’ ዝብሉ ቃላት ጸቒጦም ተዛሪቦም። እንተኾነግን፡ ነፍሲወከፍ ጉጅለታት ዝያዳ ኣብቶም ተመሳሰልቲ ኣርባዕተ ዕላማታት እዮም ተዛሪቦም።

በቶም ተራ ነብርቲ ናይቲ ማሕበረሰብን ከምኡውን ናይ ላንካስተር ዌስት ተቐማጦን ብዙሓት ቃላት ተዘሪቦም፡ ምኽንያቱ ኣብዚ ጉጅለ እዚ ዝበዝሑ ሰባት ስለዝርከቡ እዩ። እንተኾነግን ዳርጋ ነፍሲወከፍ ቃል በቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም ስድራቤታት፡ ዝደሓኑ፡ ከምኡውን መንበሪ ኣባይቶም ዝሰኣኑን ዝተዘርቡ ቃላት በቶም ተራ ነበርቲ ናይቲ ማሕበረሰብን ላንካስተር ዌስት ተቐማጦን ዝዝረብ ዘሎ እዩ። እቲ ቀንዲ ኣዝዩ ኣገዳሲ መልእኽቲ ዳርጋ ሙሉእ ብሙሉእ ተመሳሳሊ እዩ።

ነተን ኣርባዕተ ዕላማታት ብምጥቃም፡ ጽማቕ ትሕዝቶ ናይቲ ዘይንጹር ወይ ድብዛዝ ቃላት (word cloud) ከም ዝሕተም ምግባር ከምኡውን በቶም ማሕበረሰብ ናብ ዝዝረቡ ቋንቋታት ተርጒምናዮም። ነዚ ተመሊስና ብምፍታሽና ኣወንታዊ ውጽኢት ድማ ረኺብናሎም።



ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ ንሕና ብዛዕባ እቲ መዘኻኸሪ ኮሚሽን ዝስምዖ ነገራት ናይ ሓባር ባይታ ከምዘለና፡ ብመሰረት ካብቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም ስድራቤታትን ከምኡውን ሙሉእ ማሕበረሰብ ግረንፌልን ንተኣማመን ኢና።

ብዙሓት ዘዘራረብናዮም ነበርቲ ናይቲ ኣከባቢ ብንጹር ከምዝገልጽዎ፡ እቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም ስድራቤታት ውሳኔ ኣብ ምውሳድ መሪሕነት ክህልዎም ከምዘለዎ ይሓስቡ።

__ሓባራዊ ኣረኣእያታት ይበጋገስ ኣሎ__

እዚ ደብዛዝ (cloud) ዝብል ቃል ነቲ መዘኻኸሪ ኮሚሽን ዝስምዖ ስምዒት ሓያል ዝኾነ ሓፈሻዊ ተመስጦ ትህብ።

እቲ መዘኻኸሪ ኮሚሽን እንታይ ክመስል ከምዘለዎ ንምግላጽ፡ ናቱ ቃላት ብምጥቃም ነቶም ምስኡ ዝተኻፈልናዮም ዕላማታት ናብቲ ናይ ርእይቶ መግለጺ ገልቢጥናዮም።

__*ናይ ግረንፌል ታወር ራእዪ መዘኻኸሪ መግለጺ*__

*እቲ ናይ ግረንፌል መዘኻኸሪ ኣብ ማእከል **ሰላማዊ** ቦታ ይርከብ።*

***ነጸሬታን መዘኻኸርን** ናይቶም ሂወቶም ዝሰኣኑ **ስለምንታይ** እዚ ዘሕዝን ፍጻሜ ኣጋጢሙ*

*ከምኡውን **ኣድላይነት ናይ ፍትሒ** ንዝኣመሰሉ ጉዳያት ቦታ ይህብ።*

*እቲ መዘኻኸሪ ኮሚሽን **ንማሕበረሰብ** ግረንፌልን **ፍቕሪ***

*ኣብ ውሽጡ የንጸባርቕ፡ ከምኡድማ ስምዒት **ተስፋን ኣወንታውነትን** የበራብር*

***ንዝሓለፈ ጉዳያት የዘኻኽር፡** ከምኡውን **ንቕድሚት ብዛዕባ መጻኢ ይጥምት።***

*እዚ ነቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም፡ ዝደሓኑ ከምኡውን ኣባላት*

*ናይቲ ተራ ሕብረተሰብ **ብሓደ ከምዝሓብሩ ይገብር።***

*እዚ **ክብረት ዝህብን** ከምኡውን **ነዊሕ ግዜ ዝጸንሕን መዘኻኸሪ** ኮይኑ ነቶም*

*ሂወቶም ከምኡውን ስድራቤቶም ዝሰኣኑ፡ ካብ ሓደጋ ባርዕ ዝደሓኑ*

*ከምኡውን ኣባላት ናይቲ ተራ ማሕበረሰብ ዘጠቓልል ይኸውን።*

ዕላማ ናይቲ 'ፍትሒ' ነቲ መበቆላዊ ቀዳማይ ንድፊ ናይቲ መግለጺ ራእዩ ኣይነበረን፡ ምኽንያቱ ድማ ብዙሕ ግዜ ኣብቲ መስርሕ ደብዛዝ ቃላት ዝብል ይመጽእ ኣይነበረን። ፍትሒ ንማሕበረሰብ ግረንፌል ብዘገርም ኣገባብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምኳኑ ንፈልጥ ኢና፡ ስለዚ ምስቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም ስድራቤታት ድሕሪ ምዝርራብ ነዚ ከምዝውሰኽ ጌርናዮ ኣለና።

ካብዞም ጉጅለታት እዚኦም ዝተረኽበ መልሲ ዕንጋለ ኩሉ ኣወንታዊ እዩ፡ እዚ ድማ ነቲ ናይ ራእዩ መግለጺ ብቕኑዕ መስመር ይዓቢ ከምዘሎ የተኣማምነና።

__ጀርዲን ከም ኣካል ናይቲ መዘኻኸሪ ኮምሽን ጽቡቕ ሓሳብ እዩ__

ብተወሳኺ እቲ መዘኻኸሪ እንታይ ክመስል ከምዝግብኦ ንሰባት ሓቲትና ነይርና። ንኻልኦት ኣብ ዓለም

ምሉእ ዝርከቡ ኣብነታት ብምርኣይ፡ እቶም መዘኻኸሪታት መብዛሕትኡ ግዜ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ካብዞም ዝስዕቡ ቅጥዕታት ክሕዞ ኣለዎም፡-\

1. ንኣብነት፡ እቲ መዘኻኸሪ ጀርዲን፡ ብኣግራብ ዝተሸፈነ ኮይኑ፡ ወይድማ ማይ ዝመልኦ ቅርጺ መሬት ዘለዎ ክኸውን ይኽእል

2. ስርሓት ኢደ ጥበባት ወይ ታሪኻዊ ህንጻ፡ ንኣብነት ሓውልቲ ወይ ስም ዝተጻሕፎ እምኒ

3. ህንጻ፡ ንኣብነት ቤተ መዘከር ወይ ክፉት መጽለሊ

ነቲ ደብዛዝ (cloud) ዝብል ቃል ከምኡውን መግለጺ ራእዩ ምስቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም ስድራቤታት፡ ዝደሓኑ ከምኡውን መንበሪ ኣባይቶም ዝሰኣኑ ናይ ላንካስተር ዌስት ተቐማጦ ከምኡውን ካልኦት ኣባላት ናይቲ ተራ ማሕበረሰብ፡ ዝተኻፈልናዮ ኮይኑ፡ ከምኡውን ብድሕሪኡ ነዚ ዕላማታት ብዝበለጸ ከነጽሩ ዝኽእሉ ቅጥዕታት ኣየናይ ይበልጽ ኢሎም ከምዝሓስቡ ሓቲትና፡ (ንኣብነት ናይ መዘከርታ ጀርዲን፡ ስርሓት ኢደ ጥበባት፡ ህንጻ፡ ታሪኻዊ ህንጻታት፡ ማይ ዝሓዘ ቅርጺ መሬት ወዘተ)።

ብዝያዳ፡ ክሳብ ሕጂ እቲ ዝበለጸ ቅጥዒ ተነጺሩ ዘሎ ናይ መዘከርታ ጀርዲን ኮይኑ፡ እዚ ድማ 61% ብቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም ስድራቤታት፡ 74% ብቶም ዝደሓኑ፡ ከምኡውን 51% ብቶም መንበሪ ኣባይቶም ዝሰኣኑ ናይ ላንካስተር ዌስት ተቐማጦ፡ ከምኡውን 64% ብቶም ካልኦት ናይቲ ማሕበረሰብ ተራ ነበርቲ ከምዝኾነ ተገምጊሙ። እዚ ቅጥዒ እዚ ብነፍሲወከፍ ናይዞም ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ብተደጋጋሚ ዝሓሸ ከምዝኾነ ርእይቶ ዝተዋህበሉ ጉዳይ እዩ።




እቲ ንዕኡ ተኸቲሉ ዝበለጸ ዝበሃል ቅጥዒ ድማ ስረሓት ኢደ ጥበባትን ወይ ታሪኻዊ ህንጻን ከምዝነበረን እዩ። እዚድማ 30% ብቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም ኣባላት ስድራቤት፡ 26% ብቶም ዝደሓኑ ከምኡውን ብቶም መንበሪ ኣባይቶም ዝሰኣኑ፡ 29% ብቶም ናይ ላንካስተር ዌስት ተቐማጦ፡ ከምኡውን 33% ብቶም ካልኦት ተራ ነበርቲ ናይቲ ማሕበረሰብ ምዃኑ ተገሊጹ። እንደገና፡ ነዚ ዝድግፍ ዘየቋርጽ ከምኡውን ብተመሳሳሊ ሓያል ካብ ነፍሲወከፍ ናይዘን ዝተፈላለያ ጉጅለታት ተገሊጹ እዩ።

ብተወሳኺውን፡ ብዙሓት ቅጥዕታት ናይዚ፡ ሓዋዊስካ ከተቕርቦም ዝከኣል ምዃኑ ንጹር እዩ። ንኣብነት፡ ጀርዲን ምስ ስረሓት ኢደ ጥበብ ተወሃሂዱ ክህልወና ይኽእል እዩ። ዝተፈላለዩ ኣካላት ናይ ግረንፈል ታወር ቦታ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ኣብ ስራሕ ክውዕል ይኽእል፡ ስለዚ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ባእታታት ብሓባር ምጥቃም ከምዝከኣል ይፍለጥ።

<u>**ኣብ ህንጻ ተገዳስነት ተራእዩ ኣሎ**</u>

ብዙሓት ሰባት ኣብ ህንጻ ተገዳስነት ከምዘለዎም ገሊጾም ኣለዉ። እዚድማ 13% ብቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም ኣባላት ስድራቤት፡ 17% ብቶም ዝደሓኑ ከምኡውን መንበሪ ኣባይቶም ዝሰኣኑ፡ 6% ብቶም ተቐማጦ ላንካስተር ዌስት፡ ከምኡውን 10% ካብ ካልኦት ተራ ነበርቲ ናይቲ ማሕበረሰብ ተገሊጹ ኣሎ። ገሊኦም ብተዛማዲ ኣብ ኣእምሮ ቅልል ዝበለ ገለ ነገር ክህልዎም ኣለዎም – ንኣብነት፡ ካብ ዝተፈላለዩ ባእታታት መከላኸሊ ዝኸውን መጽለሊ ከምኡውን ጸሎት ዝገብሩሉን ሓሳቦም ዝገልጽሉን ቦታ ክህልዎም ይመርጹ። ካልኦት ድማ ከም በዓል እኹል ቤተ መዘከር ወይ ትምህርታዊ ማእከል ክህልዎም ከምዘለዎ ይሓስቡ። ገለ ሰባት ድማ ዝርአ ቅርጺ – ንኣብነት፡ ቁመቱ ልክዕ ከምዚ ሕጂ ዘሎ ታወር ዝበጽሕ ክህልዎም ወይድማ ነቲ ሕጂ ዘሎ ታወር ከም እንደገና ክጥቀሙሉ ከምዘለዎም ይረኣዮም። እዚ ድማ ዳርጋ ንነፍሲ ወከፎም መኸልከሊ እትኸውን፡ ብፍላይ ድማ ነቶም መጉዳእቲ ዝተፈጸሞም ስድራቤታት፡ እቲ ቦታ ንመንበሪ ክትጥቀመሉ ዘይፍቀድ ምዃኑ እዩ። እዚ ኣብ ግምት ዝኣቱ ኣማራጺ ኣይኮነን።

እቶም ዝተፈላለዩ ብዛዕባ ህንጻ ዝቐርቡ ርእይቶታት ዝተፈላለዩ ድልየታት ዘንጸባርቑ እዮም። ንኣብነት፡ እቲ ኣተሓሳስባ ናይ መጽለሊ ድልየት ሰባት ዝጽልዩሉ መጽለሊ ዘለዎ ቦታ ምርካብ ከምኡውን ንሙሉእ ዓመት ከምዝድሊ ዘንጸባርቕ እዩ። ናይ ቤት መዘከር ህንጻ ምህላው ዝብል ሓሳብ ድማ ድልየት ትምህርቲ ምውሳድ ከምዘሎ ንምርግጋጽን ከምኡውን ናይቲ ዘጋጠመ ፍጻሜታት ታሪኽ ከምዘይጠፍእ ንምርግጋጽ ዝዓለመ እዩ። ካልእ ኣተሓሳስባ ናይ ምውናን ነዊሕ ህንጻ ብዛዕባ ድልየት ተራኣይነት ዘንጸባርቕ ኮይኑ – እዚ ድማ ነቲ ዘጋጠመ ዘሕዝን ፍጻሜ 'ከምዘይተኸወሎምን' ካብ ኣእምሮኦም ከምዘይሃሰሰን' እቲ ታወር እንተቐጺሉ ዘነጽር ይኸውን።

ናይዚ ኣተሓሳስባታት እዚ ተግባራውነት ብዙሕ ምሕሳብ ዘድልዮ ኮይኑ፡ ከምኡውን ገለ ርእይቶታት ድማ ናብቲ መዘኻኸሪ ንምውህሃዶም ካብ ካልኦት ዝቐለለ ይኸውን። ብዝኾነ ኾይኑ፡ ኣብ ትሕቲ እቶም ዝወሃቡ ርእይቶታት ዋላውን ብቐጥታ ዝመሓላለፉ ሓሳባት እንተዘይሃለዉ ድልየታታ ንምንጻር ተኸእሎታት ክህሉ ተስፋ ንገብር። እዚ ድማ ንኹሉ ነገር ምምዝዛን ኣገዳሲ ይኸውን ከምኡውን ናይ ድልየታት ሓደ ኣኼባ ምክያድ ነቲ ካልእ ዘየነኣእስ ምዃኑ ምርግጋጽ የድሊ። ንኣብነት፡ ኣብቲ ቦታ ቤት መዘከር ምቕም ሰባት ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ዘሰቅቕ ፍጻሜ ትምህርቲ ንክረኽቡ ድልየቶም ከማልኣሎም ይኽእል፡ እንተኾነግን ብተወሳኺ መስሕብ በጻሕቲ ኮይኑውን ከገልግል ይኽእል እዩ።

እዚ ድማ ነቲ ናይ ዝኽሪ ቦታ ናይቶም መጉዳእቲ ዝተፈጸሞም ኣባላት ስድራቤታት ከም ቦታ ሰላም ዘይቡሉን ሓዘኖም ከምዝዝክሩን ዝገብር ከምዝኾነ፡ ከምኡውን ኣብቶም ተራ ነበርቲ ናይቲ ኣከባቢ ጽልዋ ከምዘለዎን ሰሚዕና።

ከም ግምታዊ ኣተሓሳስባ፡ ምናልባት በበይኖም መንገድታት ብምሕሳብ ዝተፈላለዩ ድልየታት ክማልኡ ይኽእሉ እዮም። እቲ መዘኻኸሪ ኮሚሽን ንኻልኦት ውድባት ከምኡውን ሓላፍነታውያን ኣካላትን ብዛዕባ ግረንፈል ብኸመይ ኣገባብ ከምዝዝከር ለበዋታት ከመሓላልፍ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ኣሰቃቒ ፍጻሜ ድልየታት ትምህርቲ ንምቕራብ፡ ንኣብነት፡ ነቲ ቤተ መዘከር ናይ ሎንዶን ብዛዕባ ግረንፈል ምርኢት ክቐርቡ ከምዘለዎም፡ ወይ ድማ ነቲ መንግስቲ ተወሳኺ ህንጻ ናይ ግረንፈል ቤተመዘከር ወይድማ ቤት መዝገብ ኣብ ርእሲ እቲ ናይ መዘከርታ ኣብ ፍሉይ ቦታ ክሃንጽ ከመዘለዎ ለበዋ ምቕራብ ይኽእል። ፍሉያት ሓሳባት ብካልኦት መስርሓት ተጠቒምካ ዋላውን ካብቲ ናይ መዘኻኸሪ ኮሚሽን ስፍሓተ ጠመተ ወጻኢ ይኹን ከተመሓላፍ ይከኣል እዩ። ኣብዚ ናይ ፈለማ ደረጃ፡ ነቶም ሓሳባት 'ይእተዉ' ወይ 'ይውጽኡ' ኢልና ፍርዲ ንህብ ኣይኮናን ዘለና – ነቶም ዘለዉ ኣማራጺታት ንድህስስን ከምኡውን ድሕሪ ርእይቶታት ሰባት ዘለዉ ኣተሓሳስባታት ንገልጽ፡ ስለዚ ንናይ መጻኢ ናይ ንድፊ ጉጅለ እንታይ ከምዘድልዮ ንገልጽ።



**ኣብ ግዜ ተደጋጊሞም ዝመጹ ዝተወሰኑ ሓሳባት**

ኣብ ኩሎም እቶም ዝግበሩ ዝርርባት፡ ሰባት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዘለዎም መዘኻኸሪታትን ተርእዮታትን ሓሳባቶም ይለዋወጡን፡ ከምኡውን ናይ ፍሉያት ንዓታቶም ዘገድሱ ዝርዝራት ናይ ንድፍታት ሓሳብ ይለዋወጡ። ንሕና ድማ ነዚ ኹሉ ሓሳባት እዚ ኣብ ናይ ሓሳብ ባንኪ ብምእካብ ከምኡውን ንዝኾነ ዝተወከለ ኣካል ንድፊ ንምድላው ንሙሉእ ማሕበረሰብ ዝኸውን መተባብዕን መምርሕን ከዳሉ ንሓትት።

ብዙሓት ናይ ንድፊ ሓሳባት ተደጋጊሞም ኣብ ዝተፈለየ ግዜ ቀሪቦም ኣለዉ።

**a. ኣስማት ናይቶም ሂወቶም ዝሰኣኑ ሰባት**

■ እዚ ተርእዮ እዚ ብቐጻሊ ኣብቲ ማሕበረሰብ ይለዓል ኣሎ፡ ከምኡውን እቲ መዘኻኸሪ ቦታ ናይ ዝኽሪ ቦታ ኾይኑ ከምዝግብእ ነቲ ርእይቶ ዝድግፍ እዩ።

■ ገለ ሰባት ብንጹር ኣስማቶም ተጻሒፉ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሶም መዘከሪ ክግለጽ ርእይትኦም ይህቡ፡ ንኣብነት ተወቒሩ ወይ ኣብ መጽሓፊ ኣስማት ወረቐት ተቐሪጺ ክቐርብ ይደልዩ። ካልኦት ድማ ካልእ ተወሳኺ ዝርዝር ተወሲኹሉ ከም በዓል ስእልታት ወይ ድማ ውልቃዊ ድሕረ ባይታ ናይቶም ሂወቶም ዝሰኣኑ ኣካላት ክውሰኽ ሓሳቦም ይቕርቡ።

■ ካብቶም መጉዳእቲ ዝበጽሖም ስድራቤታት፡ ብዛዕባ ናይቶም ዘፍቅርዎም ኣጸሓሕፋ ኣስማት ዝኾነ ተቓዉሞ ምስ ዝህልዎም፡ እዚ ክኽብር ከምዘለዎ ስምምዕ ተገይርዎ እዩ።

**b. ንጸሎት፡ ርእይቶኻ ምግላጽ፡ ኮፍ ንምባል ከምኡውን ብሓባር ምኻን ዘድሊ ቦታ**

■ እቲ ዝሓየለ ዕላማ ሰባት ነቲ መዘኻኸሪ ቦታ ኣኽብሮቶም ዘርእዩሉ ብዛዕባ ዘጋጠመ ኩነታት ድማ ሓሳቦም ዝገልጹሉን ክዳለወሎም ይደልዩ።

■ እቲ ናይ ዝኽሪ ቦታ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ብዘለና ብዙሕነትን ብዙሕ ዝእምነቱ ማሕበረሰብን ንኹሉ ብማዕርነት ዘገልግል ኮይኑ ክህነጽ ከምዘለዎ ሰሚዕና ኣለና። ንኣብነት፡ ንመጸለዪ ዝኸውን ቦታ ክህልዎ፡ ከምኡውን ናይ ዓረብ ቅርጻ ፊደላት ዘለዎ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝተጻሕፈ ክህልዎ ኣለዎ።

■ ሰባት እቲ ናይ ዝኽሪ ቦታ ንድፊ ብሓንሳብ ክኾኑ ዝድግፍን ከምኡውን ኣነባብራ ናይቲ ማሕበረሰብ ከም ዘስተማቕሩ ኮይኑ ክስራሕ ከምዘለዎን ይገልጹ።

**c. ማይ**

■ ብዙሓት ሰባት ምስቲ ንድፊ ህንጻ መዘክር ማይ ተወሃሂዱ ክዳሎ ከምዘለዎ ሓሳባቶም ይህቡ – እዚ ድማ ምናልባት ብወሓዚ መልክዕ፡ መንጫዕጫታትት፡ ወይ ዕቛር ማይ መልክዕ ክዳሎ ይጠልቡ።

■ እዞም ሓሳባት እዚኦም ድማ ነቲ ቦታ መዘክር ሰላማዊ ቦታ ናይ ምግባር ምድላይ ዝተተሓሓዙ እዮም። ሰባት ንማይ ሽግርን ቃንዛን ዘህድእ ኮይኑ ከምዝረኽብዎ ይገልጹ።

■ ሰባት ካልኦት ናይ መዘክር ቦታታት ወይ ዝደልይዎም ባይታታት ክገልጹ ከለዉ፡ ናይ ማይ ጉዳይ ኣብቲ ንድፊ ተደጋጊሙ ዝርአ ተርእዮ እዩ።

**d. ንቆልዑን መንእሰያትን ዝምልከት ቦታ**

■ ሰባት ንቆልዑን መንእሰያትን ዝምልከት ዝተፈልየ ቦታ ኣብ ንድፊ ክኣቱ ሓሳብ ይህቡ፡ እዚ ድማ ምናልባት ካብቲ ናይ ዝኽሪ ቦታ ፍልይ ዝበለ ብጸጥታ ሓሳብካ እተሰላስለሉን ክትጽልየሉን እትኽእልን ኮይኑ ዝተሰርሐ ክኸውን ይግባእ።

■ እዚ ሓሳብ እዚ ምስቲ ናይ ሰባት ድልየት ብዛዕባ ነቲ መዘክር ተስፋ ዝህብ ምኻኑን፡ ምስ ቆልዑ ምጽዋት ዝህቦ ኣወንታዊ ኣተሓሳስባን ከምኡውን ስምዒት መጻእን ዝተሓሓዝ እዩ።

እቶም መጉዳእቲ ዘጋጠሞም ስድራቤታት ዘልዓልዎም ኣገደስቲ ነጥብታት ኣለዉ፡ ንሳቶም ድማ ከም ምስ ብዛዕባ ከይተነጸሩ ዝተረፉ ሰባት ሬሳ ንምንጻር ዝሰርሑ ሰባት ኣብቲ መዕረፊ ቦታ ክጸንሑ ምግባር ምስራሕ ዝኣመሰሉ እዮም። እቲ ግቡእ መዕረፊ ቦታ ድማ ብሕታውን ቅዱስን ክኸውን ሓሳብ ዝቐርብ ኮይኑ – እቲ ቦታ ድማ ነቶም ስድራቤታት ብውልቂ ሓዘኖም ዝገልጹሉ ዝተፈልየ ክኸውን ይግብኦ።

ብቐጻሊ፡ ሰባት ንድልየት ናይ ብዙሕነት ማሕበረሰብ ከንጸባርቕ ከምዘለዎ ጸቒጦም ይገልጹ ከምኡውን ንኹሉ ኣስታፊ (ንኣብነት፡ ናይ ስንኩላት ጽቡቕ ተሳታፍነት ዘለዎ።) ሰባት ሓደጋ ናይ ግብረ ጸይቅን ጸረ ማሕበራዊ ባህርያትን ንምቅላል ንድፊ ክዳሎ ከምዝደልዩ ገሊጾም፡ እዚ ድማ ናይ ጽገና ጉዳይ ኣብ ግምት ክኣቱ ከምዘለዎ፡ ከምኡውን እዚ ጉዳይ እዚ ካብ ምትእትታው ፖሊስ ዉሑስ ክኸውን (ንኣብነት፡ ደውብል ከምኡውን ፈትሽ ዝብሉ)።

**<u>ካብዚ ዝቖጽል እንታይ እዩ</u>**
እቲ ንመዝዘኻኸሪ ቦታ ዝበቅዕ ጉዕዞ ሰለስተ ክፋል ደረጃታት ዝሓዘ እዩ፦- 1) እቲ ምሕበረሰብ እንታይ ከምዝደልን ከምዘድልዮን ምድላው 2) ናይ ንድፊ ጉጅለ ምምራጽን፡ ከምኡውን ብዛዕባ ንድፊ ምስምማዕን፡ ከምኡውን 3) ነቲ ቦታ መዘከር ምህናጽ።

ናይ 1ይ ክፋል ስራሕ ዝበዝሕ ድሮ ኣጻፊፍና ኣለና። ገለ ኣገደስቲ ጉዳያት ድማ ቅድሚ ኣብቲ ዝስዕብ ዓብዪ ምዕራፍ ምብጻሕና ብሕጂ ክስርሑ ዘድልዮም ስራሓት ኣለዉ – እዚ ድማ ሓጺር ናይ ንድፊ ሕትመት ምድላው እዩ።

እዚ ነቲ መዘከሪ ቦታ እንታይ ክመስል ከምዘለዎ እኩብ መምርሒታት ኮይኑ ዘገልግል እዩ። እቲ ረቂቕ ንድፊ ንመወዳደሪ ጉጅለታት ንድፊ ንምምራጽ እንጥቀመሉ ኣገባብ ኮይኑ፡ ቅጥዒ ጉጅለ ንድፊ ረኺብና ንምስምማዕ ከኽእለና እዩ።

**ኣብ ዝቖጽል ወርሒ ክዕመሙ ዘለዎም ስርሓት**

■ ንሕና ኣብቲ ናይ ዝኽሪ በዓል ናይቲ ብዕለት 14 ሰነ ዝተፈጸመ ዘሕዝን ፍጻሜ ምስቲ ማሕበረሰባዊ ዝኽረ በዓል ክንሕወስ ኢና፡ ኣብኡ ድማ ተወሰኽቲ ኣግራብን፡ ምዕቃብ ኢደ ጥበባዊ ስረሓትን ከምኡውን ንተሳትፎና ዘንጸባርቕ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ድማ ከነልዕል ኢና።

■ ኣብዚ ጸብጻብ እዚ ድማ መልሲ ዕንጋለ ክንሰምዕን፡ ብዛዕባ ዝኾነ ክለዓል ዝኽእል ሕቶውን መልሲ ክንህብ ኢና።

**ኣብ ዝመጽእ ክረምቲ...**

■ ካብቶም ቅድሚ ሕጂ ተወሳኺ ኣበርክቶ ዘይረኸብናሎም ብፍላይ ድማ ካብቶም ሓሳቦም ከካፉሉ ዕድል ዘይረኸቡ መጕዳእቲ ዝበጽሖምን ዝደሓኑን ስድራቤታት ርእይቶታቶም ክንሰምዕ ኢና። ከምቲ ብኣካል ተራኺብና እነዛራርበሉ ኣገባብ፡ ነቶም ከምኡ ዝደልዩ ኣብ ቀጥታዊ መስመር ኢንተርነት ሕቶታት ብምድላው ክነዘራርቦም ኢና።

■ ንሕና ምስ ሰብ ሞያ ብምዝርራብ ኣብቲ ከባቢ ቦታ እንታይ ክግበር ከምዝከኣል ንምርዳእ ክንጽዕር ኢና (እዚ ድማ ክህልዉ ዝኽእሉ ጸገማት፡ ዕድላት፡ ኣብቲ ኣከባቢ ክህልዉ ዝኽእሉ ጽልዋታት)፡ ከምኡውን ምስቶም ህዝባውያን ሰብ መዚ ብዛዕባ ዝኾነ ኣገዳሲ ጉዳይ ክንዘራረብ ኢና።

■ እቶም ባእታታት ናይዚ ታወር ክዕቀቡሉ ዝኽእሉ ነቲ መዘከርታ ክንጥቀመሎምን ዘኽእለና ምኽሪ ንምርካብ ዘይሻራውያን ኣማኸርቲ ንኸማኽሩና ክንመርጽ ኢና። ነዚ ኣብቲ እነዳልዎ ፍሉይ ረቂቕ ንድፊ መምርሒ ክንውስኾ ድማ ክሕጉዘና ኢዩም።

■ ብዛዕባ ተስፋታት ናይቲ ማሕበረሰብ ነቲ መዘከርታ ዝምልከት ተወሰኽቲ ሕቶታት ከነቕርብ ኢና። ንኣብነት፡ ሰባት ነቲ ቦታ ብኸመይ ኣገባብ ክጥቀሙሉ ይደልዩ፡ ከምኡውን እቲ ማሕበረሰብ እንታይ ዓይነት ግብራዊ ንጥፈት ክፍጽመሉ ይኽእል፤

**ኣብ ዝቖጽል ዓመት...**

■ እቲ ናይ ዝኽሪ ቦታ ከመይ ኢሉ ብሕጋዊ መንገዲ ከምዝውነን ኣማራጺታት ብምድህሳስ መታን ንነዊሕ ግዜ ክዕረን ክዕቀብን ንገብር ከምኡውን ምስቲ ማሕበረሰብ ብምኽን ብዛዕባ እዚ ክንሓስብ ኢና።

■ ምስቶም መጕዳእቲ ዝበጽሖም ስድራቤታት ክንሰርሕ ኢና ከምኡውን ነቲ ክይተለለየ ዝተረፈ ሬሳታት ድማ ብኸመይ ኣገባብ ኣብ ምዕረፊኡ ከምዝኣቱ፡ ከምኡውን ኣብቲ ረቂቕ ንድፊ ከመይ ጌርና ከም እነእትዎ ኣብ ግምት ከነእቱ ኢና።

■ እቲ ናይ ግረንፈል ዘሕዝን ፍጻሜ ካብቲ ናይ ዝኸሪ ቦታ ብዝበለጸ ደሚቑ ከምዝዝከር ዝገብር ሓሳባት ኣብ ምርግጋጽ ኣብ ግምት ከነእቱ ኢና፡ እዚ ድማ ድጂትታላዊ መዘከርታን ኣብቲ ቦታ ድማ ቤተመዘከር ክንተክልን ኢና። ነዚ ጉዳይ ዝምልከት መን ክውስን ከምዘለዎ ውን ክንርኢ ኢና።

■ ብዛዕባ ውድድር ናይ ንድፊ ንምውሳን ዝምልከት ምስቲ ማሕበረሰብን ሰብ ሞያን ሓቢርና ክንሰርሕ ኢና፡ እዚ ድማ ናብቲ ውድድር መን ክኣቱ ከምዝግብኦን እቲ ኣተኣታትዋ ድማ ከመይ ከምዝፍረድን ንምርኣይ እዩ።

ብዅሉ እዚ መዳይ እዚ፡ እቶም መጉዳእቲ ዝወረዶም ስድራቤታታን እቲ ማሕበረሰብን ናብ ሕማቕ ማእዝን ተወጢጦም ከምዘይኣትዉ ንምርግጋጽ ምስ መንግስቲ ብሓባር ክንሰርሕ ኢና። እዚ ድማ እቲ መንግስቲ ዘሰላስሎ መስርሕ ናይ ምዉሳን ብዛዕባ እቲ ታወር ነቲ ንሕና ብዛዕባ ቦታ መዘከር እንገብሮ መስርሕን ካልእ ምስኡ ዘይተሓሓዝን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ። እቲ ናይ ዝኽሪ ኮሚሽን ዝዀነ ብዛዕባ ውሽጣዊ መንግስታዊ ውሳኔ ሓበሬታ የቡሉን፡ እንተዀነግን ንሕና ንዝዀነ ኣብ ህዝቢ ዝዝርጋሕ ነገራት ብደቒቕ ንከታተል ኢና። ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ድማ ንመንግስታዊ ውሳኔ ክንብድሆ ኢና፡ ከምኡውን ንዝዀነ ዘጋጥም ኩነታት ድማ መደብና ሰሪዕና ነቲ ናይ ዝኽሪ ቦታ ግምት ክወሃቦ ክንገብር ኢና።

ኣብዚ ንምስታፍ ናይ ዕድል ምርካብ ጸገም ኣይሁሉን እዩ! ብስሩዕ ዝኸይድ ክፉት ኣኼባታት ነካይድ ኢና ከምኡውን ነቶም ክሳብ ሕጂ ዘይተርኸቡን ዘይሰማዕናዮምን ሰባት ድማ ተራ ዕድል ንህቦም ኢና። ብዛዕባ ስራሕና እንህቦም ውሳኔታትን ኩሉግዜ ኩፉት ብዝዀነ ኣገባብ ኣብ ነቕጣ መርበብ ሓበሬታና ሰፊሩ ይርከብ – ከምኡውን ብቐጻሊ ብዛዕባ እቶም ዝዘተናሎም ጉዳያትን ብሸማይ ኣገባብ ክትሳተፉ ከምእትኽእሉን እናተሓደሰ ኣብ ዝኸይድ ከምትፈልጡ ንገብር።



ሓንሳብ ነቲ ቀዳማይ ክፋል ንምፍጻም ዘድሊ ሓበሬታ ምስ ረኸብና፡ ነቲ ዝስዕብ ቀጻሊ ጸብጻብና ኣሕቲምና ክንዝርግሖ ኢና። ንነፍሲ ወከፍ ድማ ሓሳቡ ከካፍል ዕድል ክንህቦ ወይ ተወሳኺ ርእይቶታት ምስ ዝህልዎም ዕድል ክንህብ ኢና፡ ብድሕሪኡ ነቲ ሰሚዕና ኣኪብናዮ ዘለና ኩሉ ኣብቲ ረቂቕ ንድፊ ንምእታው ክንጥቀመሉ ኢና። ብድሕሪኡ ናይ 2ይ ክፋል ክኸውን እዩ!

<u>ናይ ጕዕዞና ኣካላት ኩኑ</u>

ብዛዕባ እዚ ጸብጻብ እዚ ዝዀነ ሓሳብ ወይ ርእይቶ ምስ ዝህልወኩም፡ ወይ ብዝዀነ መንገዲ ብዛዕባ ስራሕና ክትዛራረቡ ምስ እትደልዩ፡ ብሓጎስ ክንሰምዓኩም ንፈቱ።

■ ብሓደ ካብ መስመራት መራኸቢታትና ተጠቒምኩም ኣዘራርቡና። እቲ ዝቕጽል ኣኼባና ቀዳም ፲፩ ሰነ ከምኡውን ፱ ሓምለ ክካየድ እዩ፡ ከምኡውን ኩሉ ግዜ ናይ ተሃድሶን ንቆልዑ ዝምልከቱ ንጥፈታትን ክህሉዉና ኢዮም።

■ ኣብ ሓደ ካብቶም ኩፉታት ኣኼባታትና ተረኸቡ።
(ብዛዕባ እንርከበሉ ግዜን ኣኼባታትን ዝምልከት ናይ ግዜ ሰሌዳና ኣብ ነቐጣ መርበብ ሓበሬታና ይርከብ (ብኽብረትኩም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ www.grenfelltowermemorial.co.uk/news ብዛዕባ ምዝኽኻርኩም ዝምልከት ድማ ኣብቶም ዕለታት ጠዉቑ')። ዘድልየኩም ምስ ዝኸውን ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ክንምድብ ንኽእል ኢና።

■ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ናይ ኢ-መይል መልእኽቲ ጽሓፉ
GTMCSecretariat@levellingup.gov.uk

■ በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ክትድዉሉ ትኽእሉ 0303 444 4831

■ ዘለኩም ሓሳባት ንኽትሰዱልና ናብቲ መራኸቢ ኣድራሻና ብጽሑ፡ ምስቶም ወከልቲ ብቐጥታዊ መንገዲ ንምርኻብ ድማ ኣብቲ ናይ ዜናደብዳቤና ኣቲኹም ኣመልኩቱ፡-
www.grenfelltowermemorial.co.uk/contact

■ ኣብ ማሕበራዊ መራኸከቢታት ኢንስታግራም ከምኡውን ትዊተር ነቶም ቀጻሊ እንሐድሶም ነገራት ኣብዚ ዝስዕባ ኣድራሻ ተኸታተሉ (@GrenfellTowerMC)

